# እኳዕ ንመበል 33ን ዓመት ልደት ህወሓትን መበል 22ን ዓመት ኣግኣዚ ኦፐረሽንን ኣብፀሐኩም !!

ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከምዝፈልጦ ብፍላይ ናይ ትግራይ ህዘቢ ሱር ሰዲዱ ዝነበረ ፀረ ዲሞክራሲያዊ ናይ ደርጊ ስርዓት ካብ ሱሩ ነቒልካ ንምጥፋእ ን17 ዓመታት ኣንፃር እቲ ጨቋናይ ስርዓት ዝመረረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣካይዱ ተዓዊቱ እዩ።

ናይዚ መሪር ቃለሲ ውፅኢትውን ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ህዝቢን መንግስትን ህዝባዊን ዲሞክራሲያዊን ስርዓት ንምትካል ላዕልን ታሕትን እንትብል ይረአሎ ። ብፍላይ ሎሚ ዓመት ልደት ህወሓት ዝኽበረሉ ኣብ ደደቢት ብምዃኑ ፍሉይን ታሪካዊን' ዩ ። ኣነውን ንኣባላት ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን እኳዕ ነዚ ብናይ ብዙሓት ጀጋኑ ቃልሲ ዝተረኽበ በዓል ለካቲት 11 ብሽመይን ብሽም ደቂ ኣግኣዚን ኣብፀሐናን ኣብፀሐኩምን ይብል ።

ዝኸበርኩም ኣብ ዓዲን ኣብ ወፃእን ትረከቡ ደቂ ኣግኣዚ ! ንሕና ካብቲ ፀቢብን ሞትናን ሕዮትናን ዘይንፈልጠሉ መቐለ ከርሸለ ጥሪ 30/1978 ብስሪሒት ኮማንዶ ወይ ካዓ ቢኣግኣዚ ኦፐረሽን ባሻሓት ንቑፀር እሱራት ናይ ሰላም ኣየር ነተንፍስን ናብራና ኣብ ምድፋእን ንርከብ ። በዚ እዋን'ዚውን እቲ ሕሉፍ ዕድመና ገዲፍና ደቂ 22ን ዓመት መናእሰይ ኢና ። ክንርስዖ ዘይግበአና ሓቂ ግና ለኣና ካውፅኡ ከምኒ ተጋዳላይ ሰርፀ ዝኣመሰሉ ጀጋኑ ህይወቶም ሂቦምዮም ።ንሕና 22ን ዓመት ኮይንና እንትንብል ጀኔረል ሓየሎምን ፤ ሰርፀ ኣብ ወህኒ ዝተሰወአን ብሓፈሻኡ ኣብቲ ውድቕቲ ለይቲ ራዕድን ፍርሕን ኮይኑ " አጆኹም ድሕሪ ከዚ ካብ ኢድና ዝምንዝዐና ሓይሊ የለን" ዝብል ቓል ካብቶም ጀጋኑና ሰሚዕና ዕንቅፋትን ቑሪን ተይተሰመዐና ናብ ማይዳ ትግራይ መሰስ እንትንብል አብ ነኒ ሒድ ሒድና ርእሲ ዊንኪልል ከምዝብል ንምግማት ኣፀጋሚ ኣይኮነን ።

ነዚ ብዝምልከት ብ ጁላይ 2007 ፤ ኦክቶበር 2007 ኣብ Aiga Forum ወፂኡ ነይሩ ። ነቲ ፅሑፍ ብምንባብ ብስልኪ፤ ብኢመይል ተራኺብና ብዙሕ ኣውግዒናውን ኢና ። ከዚውን ነቶም ታሪኽ ዝሰርሑ ጀጋኑ ኮማንዶ (ኣግኣዚ) ሽም ከይጠፍእ ብናቶም ሽም ካብ ውልድ ወለዶ ዝሓልፍ ዘይጠፍእ መዘከርታ ታሪክ ንምስራሕ በዚ ታሪካዊ ዕለት'ዚ ቃል ከምንኣቱ ተስፋ ኣለኒ። ተሓባቢርና ዘይጠፍእ ታሪክ ጠጠው ከምነብል ዓቢይ እምነተይ ኢዩ ። ደጊመ ንህዝቢ ትግራይን ኣባላት ውድብን እኳዕ ንመበል 33ን ልደት ህወሓት ኣብፀሐኩም ።

ጌታቸው ጓንጉል ። Email getachewg3@yahoo.com (408) 829 9318